# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.30 ሰንበት 4 ጥቅምቲ 2026 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ሄንሪ ስቲምሶን - ንከተማ ክዮቶ ካብ ...



ገጽ 4 ኩነታት ብኸላ ባዜቃ ኣብ ሃገርና



ገጽ 5 ካብ ሰነዳት ስእልታት ሰውራ



ገጽ 8 ውድድር ኣትለቲክስ ...ተዛዚሙ




# ፕረዚደንት ኢሳይያስን ፕረዚደንት ኣልሲሲን፡ ኣብ ምምዕባል ክልተኣዊ ዝምድናታትን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ጉዳያትን ዘተኰረ ዓሚቝ ዘተ ኣካዪዶም



ስእሊ-ሳልሕ ዓብድልቓድር

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ፕረዚደንት ዓብደልፋታሕ ኣልሲሲን ትማሊ ኣብ ሰዓታት ፍርቂ መዓልቲ ኣብ ከተማ ሓዳስ ኣልዓለሚን ኣብ ዝገበርዎ ርክብ፡ ኣብ ምምዕባል ክልተኣዊ ዝምድናታት ኤርትራን ግብጽን፡ ዞባውን ኣህጉራውን ምዕባለታት፡ ከምኡ'ውን ሓባራዊ ኣገዳስነት ዘለዎ ካልእ ጉዳያትን ዘተኰረ ዓሚቝ ዘተ ኣካዪዶም።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ዝባዊ ምዕባለታት ብዝምልከት፡ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሃገራት ክኽበር፡ ከምኡ'ውን ዘይምትእትታው ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያተን ኣብ ዝብል መትከላት፡ ኤርትራን ግብጽን ንጹር ኣርእእያን ተመሳሳሊ መርገጺታትን ከም ዘለወን ብምጥቃስ፡ ፕረዚደንት ኣልሲሲ ንምምዕባል ክልተኣዊ ዝምድናታትን ምትሕብባር ኣብ ዝተፈላለየ መዳያትን - ንረብሓታት ክልቲኡ ሃገራትን ህዝብታትን ብዝሰምር ብዝበለጸ ክድፋኣሉ ብወገን ሃገሩ ዝሎ ድሌትን ድልውነትን ደጊሙ ምርግጋጹ ምስጋና ኣቕሪቡ።

ፕረዚደንት ኣልሲሲ ብወገኑ፡ ግብጺ ምስ ኤርትራ ዝለዋ ዓሚቝ ታሪኻዊ ዝምድና፡ምትእስሳርን ጥቡቕ ስትራተጂን ዓቢ ግምት ከምእትህቦ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ ኣብ'ዚ ጽቡቕ ዝምድናታት ዝተሰረተ ትግባረ ፕሮጀክታት ልምዓትን ቁጠባዊ ሽርክነትን ብቐንዱ ኣብ'ቲ ቀዳምነት ዝወሃቦ ጽላታት ንምርግጋጽ ብዝለዓለ ከምዝሰርሕ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ብወገን ኤርትራ ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ኣቶ ሓጎስ ገብረሂወትን ሚኒስተር ንግድን ኢንዳስትሪን ኣቶ ነስረዲን መሓመድ-ሳልሕን፡ ብወገን ግብጺ ድማ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢን ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝን ዶ/ር በድር ዓብደልዓጢ ተረኺቦም ነይሮም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብዕድመ ፕረዚደንት ዓብዱልፋታሕ ኣልሲሲ፡ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ንምፍጻም ትማሊ 3 ጥቅምቲ ኣብ ሰዓታት ንግሆ'ዩ ናብ ግብጺ ገይሹ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ሎሚ 4 ጥቅምቲ ኣብ ከተማ ሓዳስ ኣልዓለሚን ኣብ ዝካየድ፡ ኣብ ሓባራዊ ጸጥታን ርግኣትን ከምኡ'ውን ሽርክነታዊ ምትሕብባር ኣብ ዝዘተ ዋዕላ መራሕቲ ሃገራት ክሳተፍ'ዩ።

እዚ ዋዕላ'ዚ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ብዝተፈላለየ መልክዓት ክካየድ ዝጸንሐ፡ ንዝሰፍሐ ጎደቦና ማለት ዞባ ቀይሕ ባሕሪ፡ ወሽመጥ ዓደን፡ ወሽመጥ ዓረብን ተፋሰስ ኒልን ዝሸፍን ርክባት'ዩ።

# ሳዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፡ ግብጺ ኣብ እተኣንግዶ ዘላ 'መጋባእያ ንግዲ' ተሳቲፉ

ብሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ኣቶ ሓጎስ ገብረሂወትን ሚኒስተር ንግድን ኢንዳስትሪን ኣቶ ነስረዲን መሓመድ-ሳልሕን ዝቐመ ሳዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፡ ካብ 2 ክሳብ 3 ጥቅምቲ ግብጺ ኣብ እተኣንግዶ ዘላ 'መጋባእያ ንግዲ ኣልዓለሚን' ተሳቲፉ።

ኣብ'ዚ መጋባእያ፡ መራሕቲ ሃገራትን ወከልቲ መንግስታትን፡ ሳዕለዎት ሰብ-ሞያ ኣህጉራውያንን ዞባውያንን ፋይናንሳውያ ትካላት፡ ከምኡ'ውን ቀንዲ መሻርኽቲ ልምዓት ኣፍሪቃ ብቐንዱ ድማ ኣብ ጽላታት ትሕተ-ቅርጺ፡ ንግዲ፡ ማዕድን፡ ቴክኖሎጂካዊ ምህዞ፡ ጥዕናን ሓደሽ



ኢንዱስትሪታትን ይሳተፉ ኣለዉ።

ጎኒ-ጎኒ'ዚ፡ ሳዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ ብዕለት 2 ጥቅምቲ ምስ ፕረዚደንትን ኣቦ-መንበር ቦርድ ዳይረክተራትን ባንኪ ሰደድን እታውን ኣፍሪቃ (Afrexim-bank) ዶ/ር ጆርጅ ኤሎማቢ ተራኺቡ፡ ኣብ መንጎ ባንክታት ኤርትራን እቲ ባንክን ዝጸንሐ ምስጉን ዝምድናታት ኣህጉራዊ ባንካዊ ኣገልግሎት ዘተኰረ ዘተ ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ኑቲ ዘሎ ንምስፋሕን ሓደሽ ኣገልግሎት ምውላ ዝተፈላለየ ፕሮጀክትታት ንምጅማርን ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ።

# ኣርባዕተ ኣስመራ - ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ናይ እንግዶት መደብ ተኻዪዱ

ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ኣርባዕተ ኣስመራ፡ ኣብ ልምዓታዊ መደባት ንዝተዋፈሩ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ ናይ ምኣሕን ምዝንጋዕን እንግዶት ወዲቡ።

ኣብቲ ብ1 ጥቅምቲ ዝተኻየደን ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን ዝተረኸብሉን ኢጋጥሚ፡ ኣመሓዳሪት'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ኣልጋነሽ ትኩእ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ጀጋኑ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ክሳዕ ሓለዋ ሃገር፡ ኣብ ልምዓታውን ትሕተ-ቅርጻውን መደባት ተዋፊሩ ዘሕለፍዎ ስራሕ የሰላስል ከም ዘሎ ብምጥቃስ፡ እቲ ምስ ወለዶም ዘይዳረግ እንግዶት፡ ምስጋና ንምቕራብን ንምትብባዖምን ከም ዝኸደ ኣረጋጊጻ።

ኣዚ. ናይ'ታ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣርባዕተ ኣስመራ ኣብ ማሕበራዊ ስራሕ ተዋፊራ እትርከብ ኣሃዱ ብወገኑ፡ ብህዝብን ምምሕዳርን ንዝተገብረሎም እንግዶት ብምምጓስ፡ ብህዝብን መንግስትን ዝተዋህቦም ተልእኾ ንምፍጻም ወትሩ ድልዋት ምዃኖም ገሊጹ።




ስእሊ. ዙቤር ስዒድ

## ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ኣብ ትግባረ መደባት ልምዓትን ምምሕዳራዊ ኣገልግሎታትን ተዘቲዩ

ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ኣብ ኹሉ ትግባረ ልምዓታዊ መደባትን ምምሕዳራዊ ኣገልግሎታትን ብዝፈሸ፡ ምስ ዋሕዲ ክረምቲ ተተሓሒዞም ክኽሰቱ ኣብ ዝኽእሉ ብድሆታትን ኣፈታትሓኦምን ድማ ብፍላይ ዝዘተየ ርክብ፡ ብ30 መስከረም ኣብ ባረንቱ ኣቃኒዑ።

ኣብቲ ኣብ ንጥፈታት ክፍልታት ሕርሻን መሬትን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ዘተኩሩ ገምጋማዊ ጸብጻባት ዝቐረበሉ ኢጋጥሚ፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባታት ዝተኻየደ ንጥፈታትን ወጽኢቶን፡ ኣፈታትሓ ክርክራት፡ ንጥፈታት ምእካብ ግብሪ፡ ምጥርናፍ ዓድታት፡ ምርጫታት ምምሕዳራት ከባቢ፡ ንስድራ ስውኣት ዝተገብረ ሓገዛት፡ ዘይሕጋዊ ንግዳዊ ንጥፈታትን ዘይምዃኑ ናህሪ ዋጋታትን ንምቍጽጻር ዝተወሰደ ስጉምቲታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ካልኦት ምምሕዳራዊ ንጥፈታት ተዘቲዩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ እቲ ዕላማ - ብቐንዱ ኣብ ሕርሻ፡ ትምህርትን ጥዕናን ኣተኲሮም ንዝተሰላሰሉ መደባት ብምግምጋም፡ ሓፈሻዊ ኩነታት ክረምትን ምስ ዋሕዲ ዝናብ ተተሓሒዞም ክኽሰቱ ዝኽእሉ ተጽዕኖታትን ኣለሊኻ ክውሰዱ ኣብ ዝግብኦም ስጉምትታት ንምዝታይ፡ ከምኡ'ውን ቅሩብነት ህዝቢ ኣብ ምምኻት ሰብ ዝሰርሖን ተፈጥሮኣውን ብድሆታት




ንምርግጋጽ ምዃኑ ገሊጹ።

ብመሰረት'ቲ ኣብ ክረምቲ 2026 ዝተኸስተ ዋሕዲ ዝናብ ኪጋጥም ዝኽእል ሕጽረት ምህርቲ ሕርሻን መግቢ እንስሳታትን ልዑል ኣቓልቦ ክወሃበሉ ከም ዝግባእ፡ ኣብ ድሕነታውን ጸጥታውን ዕማማት ድማ ዕቱብነት ክህሉ ዘዘኻኸረ ኣምባሳደር ማሕሙድ፡ ምግታእ ዘይምኽኑይ ናህሪ ዋጋታት፡ ምቕላል ሽግር ዝስተ ማይ ሰብን ጥሪትን፡ ምእካብ ግብሪ መንግስቲ፡ ምትእትታው ኣማራጺታት ሕርሻ፡ ከምኡ'ውን ምግራብን መደባት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ቀዳምነት ክወሃቦም ጸዊዑ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ውሕስነት መግቢ ሰብን ጥሪትን ንምርግጋጽ ዝሕግዙ ንጥፈታት ሕልፊ ካልእ መደባት ቀዳምነት ተዋሂብዎ ክትግበር፡ ግብሪ ብግቡእ ዘይከፍሉ ሚላ ክተኣታቶ፡ ምውሳኽ መልከፍቲ ሕማም ዓሶ ክጽናዕን ኣቓልቦ ክወሃቦን፡ ማሕበራዊ-ቁጠባዊ ሽግራት ጽጉማት ወገናት ዘቃልሉ ተበግሶታት ክሕየሉ፡ ኣልማዕቲ ጀራዲን ድማ ቀረብ መግቢ እንስሳታት ክብ ክብሉ ዝብሉን ካልኦትን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰለሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቊ.ስ.113395-07588045
**ምልክታ**
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284


## መልእኽቲ ብምኽንያት ኣህጉራዊ መዓልቲ መማህራን

ሎሚ ዓመት - 5 ጥቅምቲ ኣህጉራዊ መዓልቲ መማህራን፡ "ኣብ ጉድኒ መማህራን ብምቛም፡ ደረጃኦም ክብ ነበል!" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ዓለም ንመበል 33 ጊዜ ብደረጃ ሃገርና ድማ ንመበል 30 ጊዜ እትዝከር ዘላ ዕለት እያ። እዛ ዕለት'ዚኣ፡ ብዝተፈላለዩ ቴማታት ብቐጥታ ይኹን ብዘዘዋዋሪ ኣብ ምምሃር-ምስትምሃር ንዝተዋፈሩ ዜጋታትን ትካላትን ከቢድ ሓላፍነት እተሰክም ዕለት እያ። ነዚ ሓላፍነት እዚ ንምውጻእ፡ ሓያል ጎድኒ ንምዕቃብን ድኹም ጎድኒ ንምፍዋስን ከምኡ'ውን ንመጻኢ ንምጥማትን፡ ሕሉፍ ኩነታትና ምግምጋም ሓያል ጻዕሪ ምግባር የድሊ።

ብ 1958 ዝተመስረተ ማሕበር መማህራን ኤርትራ፡ ካብ 1996 ጀሚሩ ኣብ ዩኔስኮ (UNESCO) ኣባል ዓለማዊ ውድብ ትምህርቲን ዞባ ኣፍሪቃን ኮይኑ፡ ኣስታት 30,000 ኣባላት ኣለውዎ። ቀንዲ ዕላማ ማሕበር መማህራን ኤርትራ፡ ሞያዊ ዓቕሚ መማህራን ክብ ብምባል ብኹለንትናኡ ብቑዕ ዜጋ ምፍራይ እዩ። ስለዝኾነ'ዩ ድማ ማሕበር መማህራን ኤርትራ ብደረጃ ሃገርን ጨንፈር ማሕበር ዞባታትን፡ ሞያዊ ዓቕሚ መማህራን፡ ሓለፍቲ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ሱፐርቫይዘራትን ካልኦት ሓለፍቲ ትምህርቲን ክብ ኣብ ዝብሉ ስልጠናታት፡ ዓውደ-ዘተታትን ኣስተምህሮታትን ብምውዳብ ንጥፈታቱ ዘሰላስል ዘሎ።

ዝደለ ዕብየትን ምዕባለን ሓንቲ ሃገር ዝረጋገጽ፡ ቡቲ ኣብታ ሃገር ዝወሃብ ዓይነት ትምህርቲ ስለዝኾነ፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንጽላት ትምህርቲ ቀዳምነት ብምሃብ ዝፍ ፋይናንሳውን ጉልበታውን ወፍሪ ይገብሩ ኣለዉ። ከም ውጽኢት ናይዚ ዝፍ ወፍሪ፡ ትካላት ትምህርቲ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ላዕለዋይ ደረጃ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገርና ተዘርጊሖን ይርከባ። በዚ መንጽር፡ መማህራን ኣብ ኩሉ ጫፋት ኤርትራ ተመዲቦም፡ ንዚጋጥሞ ክሊማዊ፡ ማሕበራውን ቁጠባውን ብድሆታት ተጻዊሮም ስርሖም የሰላስሉ ኣለዉ።

እቲ ዝድለ ዓይነታዊ ለውጢ ኣብ ትምህርቲ ንምምጻእ፡ ከቢድ ወፍርን ጻዕርን ናይ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላትን መሻርኽቲን ዝተወሃሃደ ስራሕ ዝሓትት'ኳ እንተኾነ፡ እቲ ቀንዲ ተዋሳኣይን ወሳኒን ግን መምህር ስለዝኾነ፡ ኣብ ጎድኑ ብምቛም ሞያውን ማሕበራውን ቦታኡን ደረጃኡን ክብ ኣብ ምባል ጻዕርና ነሐይል።

ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ፡ እቲ ዝድለ ዓይነታዊ ለውጢ ኣብ ትምህርቲ ንምምጻእ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ብዝሓሸ ናህሪ ብምቕጻል፡ ንምምሃር-ምስትምሃር ጥጡሕ ባይታ ንምፍጣር ዝግበር ዘሎ ስራሕ ክሕይል ይግባእ። ኣብ መሰረታዊ ትምህርቲ ለውጢ ንምምጻእ ዝግበር ዘሎ ወፍሪ፡ ንላዕለዋይ ደረጃ መሰረት ስለዝኾነ ኣበርቲዕካ ክድፋኣሉ ይግባእ።

ኣብ ሃገርና ካብ ዝተሓተ ክሳብ እቲ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ብናጻ ዝወሃብ ጸጋ ስለዝኾነ፡ ወለዲን ተማሃሮን ነዚ ብምርዳእ ክረብሕሉ ዘለዎም ጉዳይ'ዩ። እዚ ረብሓ'ዚ ኣብ መውዳእታ ረብሓ ሃገር ስለዝኾነ፡ እቲ ረብሓ'ውን መታን ክረጋገጽ፡ ስሉሳዊ ዝምድና መማህራንን ተማሃሮን ወለዲን፡ ከምኡ'ውን ዝምድና ቤት ትምህርቲን ሕብረተሰብን ምድልዳል የድሊ። ብወገን መማህራን ድማ፡ መምህር ቀጻሊ ዝመሃርን ዝመራመርን ክኸውን ስለዝግብኦ፡ መማህራን ኣብ ርእሲ እቲ ዘለዎም ፍልጠትን ክእለትን፡ ቀጻሊ ምዕባለ ገዛእ ርእሶም ክረጋግጹ ይግባእ። ብተወሳኺ፡ መማህራን ሞያዊ ስነ-ምግባር ዕጥቆም ብምግባርን ኣብኡ ብምጽንዓን፡ ህዝብን መንግስትን ዘሰከምዎም ሞያውን ዜግነታውን ሓላፍነቶም ንምፍጻም ከይተሓለሉ ክጽዕቱ ይግባእ። ማሕበር መማህራን ኤርትራ እውን ኣብ ትምህርቲ ዓይነታዊ ለውጢ ንምምጻእ ኣብ ዝግበር ስራሕ ግቡእ ተራኡ ክጻወት ጻዕሩ ከምዘይሓይል የረጋግጽ።

ርሑስ ምጅማር ትምህርቲ!

ዕድመ ን5 ጥቅምቲ ኣህጉራዊ መዓልቲ መማህራን!

ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና!
ዓወት ንሓፋሽ!
ማሕበር መማህራን ኤርትራ


## ተፈጥሮኣዊ ጽባቐና ካብ ዘበላሽዉ መመላኽዒታት ምጥቃም ንቆጠብ!

**6ይ መልእኽቲ**

**6. መመላኽዒታት እናተጠቐምና ንዝርኣዩና ምልክታት ኣይተኣብህለሎም!**

መመላኽዒታት እናተጠቐምና ንዝርኣዩና ምልክታት ኣይተኣብህለሎም። ከም ሰሓ፡ ምቕያሕን ምድራቕን ቆርበት፡ ሕበጥ፡ ፈጸጋ፡ ዘይንቡር ጸሊም ነጥብታት ኣብ ቆርበትን ካልኦት ዘይንቡር ምልክታትን ምስ እንርኢ፡ 'ይሰርሕ ስለ ዘሎ እዩ' ዝብል ግጉይ እምነት ነወግድ! ከም'ዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱን ካልኦትን ምልክታትን ኣብ ኣካላትና ምስ እነስተብህል፡ ምጥቃም ብምቁራጽ፡ ብቐልጡፍ ሓገዝ በዓል ሞያ ጥዕና ንሕተት።

**መልእኽቲ ካብ ፋርማሲቲካዊ ማሕበር ኤርትራ**

# መዛነዪ

ማርታ'ክብሮም

## ሄንሪ ስቲምሶን - ንከተማ ክዮቶ ካብ መጥቃዕቲ ኣቶሚካዊ ቦምብ ዘድሓነ

ኣመሪካ ኣብ 1945 ኣቶሚካዊ ቦምብ ኣብ ሂሮሺማን ናጋሳኪን ከም ዘደርበየት ይፍለጥ። እንተ ኾነ መጀመርታ ኣብቲ ዝርዝር ከተማ ናጋሳኪ ዘይኮነት፡ ክዮቶ ዝተባህለት ጃፓናዊት ከተማ እዩ ክትድኅብደብ ተመዲቡ ነይሩ።

እቲ ዝርዝር ብሓንቲ ኣመሪካዊት ኮሚተ ላዕለዎት ሰብ መዚ ወተሃደራትን ስነ ፍልጠታውያንን እዩ ተዳልዩ። ኣብቲ ግዜ ከተማ ክዮቶ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ህዝቢን ክልተ ሽሕ ቤተ መቕደስ ቡድሃን ነበራ። ከተማ ክዮቶ ክትድኅብደብ ዝተወሰነ ድማ ኣብቲ ግዜ ብዙሕ ኢንዱስትርታትን ፋብሪካታትን ስለ ዝነበራ እዩ። ኑቲ ኣጽዋር ክፍተን ዝበለጸት ቦታ ምዃና'ውን እቲ ኮሚተ ደምደመ።

ኣብቲ ግዜ ኣባል ናይታ ኮሚተን ጸሓፊ ኩናት ኣመሪካን ዝነበረ ሄንሪ ስቲምሶን ግና ከተማ ክዮቶ ብዘለዋ ባህላዊ ኣገዳስነትን ብዙሕነትን ካብቲ ዝርዝር ክትወጽእ ናብቲ ኮሚተ ጠለብ ኣቕረበ። እታ ኮሚተ ግና ንዘረባ ስቲምሶን ግዲ ስለ ዘይገበረትሉ፡ ብቀጥታ ናብቲ ኣብቲ ግዜ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዝነበረ ትሩማን ብምኻድ ክዮቶ ካብቲ ዝርዝር ክትእለን ብካልእ



ከተማ ክትትካእን ከእምኖ ከኣለ። ኣብ ክንድኣ ከኣ ከተማ ኮኩራ ኣተወት፡ እንተ ኾነ እታ ከተማ'ውን ብዝነበራ ውሑድ ተረኣይነት፡ እቲ ዒላማ ናብ ከተማ ናጋሳኪ ክኸውን ተወሰነ። ብዘይካ'ዚ ስቲምሶን ናብ ከተማ ክዮቶ ኣቐዲሙ ብተደጋጋሚ ምብጻሕ የካይድ ብምንባሩ ከም ከተማ ኣዝያ ትምስጦ ከም ዝነበረት እዩ ዝግለጽ። ገለ ተመራመርቲ ታሪኽ'ውን ንሱ ግዜ ሕጽኖቱ ኣብታ ከተማ ከም ዘሕለፎ እዮም ዝዛረቡ። ስለዚ ስቲምሶን 'ንከተማ ክዮቶ ካብቲ ቀዛፊ መጥቃዕቲ ከድሕና ዝኸኣለ' እናተባህለ እዩ ኣብ ህዝባ ስሙ ብኽብሪ ዝዝከር ዘሎ።



## ሓቅታት ብዛዕባ ኣካላትና

• ልብና ኣብ ዓመት ከባቢ 35 ሚልዮን ግዜ ትሃርም። ኣብ ገምጋማዊ ዕድመ ሰብ ከኣ 2.5 ሚልዮን ግዜ ትሃርም ማለት እዩ።

• ኣብ ሓደ ማእከላይ ሰብ ኣብ ስርዓተ ዙረት ደም ዝርከቡ ሻምብቆታት ደም ኣርተሪ፡ ቬይናትን ካፒላሪታትን፡ ጫፍ ንጫፍ ምስ እነላግቦም፡ 100,000 ኪሎ ሜትር ምሽፈኑ። እዚ ርሕቀት ምስ ፍርቂ ዙርያ መሬት ማዕረ እዩ።



• ሽክና ርእሲ ካብ ሓደ ተረር ዓጽሚ ዝቖመ ኩይኑ ዝስምዓና ውሑዳት ኣይኮንናን። እንተ ኹነ ብ22 ዝተፈላለዩ ኣዕጽምቲ ዝቖመ እዩ።

• ቀ ያ ሕ ቲ ዋህዮታት ደምና ናይ 4 ኣዋርሕ ዕድመ'ዩ ዘሎዎም። ኣብ'ዚ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ኣብ ኣካልና ንዝርከቡ ከባቢ 60 ትሪልዮን ካልኦት ዋህዮታት ይምግቡ። 250,000 ግዜ ምብጻሕ ምስ ኣካየዱ፡ ናብ'ታ ዝተፈጥሩላ ኣንጉዕ ንኽሞቱ ይምለሱ።

• ጸጉርና ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ወርሒ ሽዱሽተ ሚሊ ሜተር እናወሰኸ ንሽዱሽተ ዓመታት ይነውሕ። ድሕሪኡ ግን ምንዋሕ ኣቋሪጹ ኣብ ቦታኡ ካልእ ጸጉሪ ይበቍል።

• ካብ ኣፍና ዝነዝዕ ምራኽ ሳሊቫ ኣብ መዓልቲ ከባቢ 600 ሚሊ ሊተር ምራኽ ይነዝዕ። እዚ ዓቐን ክንዲ ክልተ ኮካ ዓድና'ዩ።

• ኣብ እንስዕለሉ እዋን፡ ኣፍንጫናን ኣፍናን ብመንዲል እንተ ዘይሸፊንና ክሳብ ሰለስተ ሜተር ዝጉዓዙ ጀርምታት ካብኦም ህዋሳትና ክወጽኡ ይኽእሉ።

• ንሓደ ምሉእ ሰዓት፡ ሄድፎን ወይ መስምዒ እዝኒ፡ ኣብ እዝንኻ ምስኳዕ 700 ግዜ ኣብ እዝንና ንዝርከቡ ባክተርያ የዛይዶ።

• ከም'ቲ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ኣሰር ኣጻብዕቲ ዝፈላለ፡ ኣሰር መልሓስና እውን ነንበይኑ እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እቲ ዝተረረ ጭዋዳ ክፍሊ ኣካላትና፡ ኣብ መልሓስና ይርከብ።

## ካብ ኣገረምቲ ታሪኻውያን ፍጻመታት

• ቀዳመይቲ ናብ ጠፈር ዝተጓዕዘት ቫለንቲና ተረሽኮቫ ኣብቲ ናይ ሰለስተ መዓልቲ ጸንሒታ ብዘይ መሕጸቢ ስኒ (ብራሽ) እያ ከይዳ። እታ ኣብ 1963 ናብ ጠፈር ዝኸደት ቫለንቲና፡ ወላ'ኳ ብራሽ ረሲዓ እንተ ኸደት፡ ናታ ጉድለት ግና ኣይነበረን። ንብረት ምጥርናፍ ዕማም ናይቲ ተቖጻጻሪ ተልእኾ እዩ ነይሩ።

• ንጉስ ጸሓይ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዝነበረ መበል 16 ንጉስ ፈረንሳ ሉዊስ፡ ልዑል ፍቕሪ ዓራት ከም ዝነበሮ እዩ ዝንገረሉ። ብዘሒ ዝውንኖ ዝነበረ ዓራት ከኣ ኣስታት 413 ይበጽሕ ነበረ። ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ኣብ ዓራቱ ኣሰፊሑ ኣኼባታት ይመርሕ ከም ዝነበረ እዩ ዝግለጽ።

• መርከብ ሓበሬታ በበሲ፡ ኣብ 18 ሚያዝያ 1930፣ ዝኾነ ዜና ኣይዛረበን። እቲ መርከብ ሓበሬታ ኣብቲ ናይ ዜና ሰዓት፡ "ከመይ ኣምሲኹም፡ ሎሚ 'መዓልቲ ሓሶት' ስለ ዝኾነ ዜና የለን" ዝብል ሓበሬታ እዩ ሂቡ።

• ህቡብ ክኢላ ስነ ቁጽሪ ዝነበረ ግሪኻዊ ፓይቶጋረስ ምስ ባልደንጓ ፍሉይ ጽልኢ ከም ዝነበሮ እዩ ዝንገረሉ።

• ሓደ እዋን ቶማስ ጀፈርሶንን ጆን ኣዳምስን መንበር ናይ'ቲ ፍሉይ ጸሓፊ ዝነበረ ሼክስፒር ከሰርቁ ክኢሎም ነይሮም። ኣብ 1876 ክልቲኦም ንሓደ ሰሙን ዑደት ናብ ዓዲ እንግሊዝ ከዱ። ኣብ ዑደቶም ድማ ናብቲ ሼክስፒር ዝዓበየሉ ከተማ ስትራትፎርድ ከዱ። ኣብኡ ድማ ነታ ሼክስፒር ኮፍ ኢሉ ብዙሕ ስርሓት ስነ ጽሑፍ ዝጽሕፈላ ዝነበረ መንበሩ ወሰዱዋ። ናብ ቦትኣ ክምለሱ ከለዉ ከኣ ነታ ሰድያ ከም መዘከርታ ክጥቀሙላ ስለ ዝሓሰቡ መቓቒሎም ሒዞማ ከዱ።

• ሓደ ኣብ ወደባት ደው ንዝበለ መራኽብ ናይ ምዝማት ልማድ ዝነበሮ ሰብ፡ ሓደ መዓልቲ ግና ካብ ሓንቲ መርከብ ንኹሉ ሰብ ዘገረመ ንብረት እዩ ሰሪቑ። መራሒ ናይታ መርከብ ዝነበረ ካፒተን ሆርኒንገልድ ንገለ ኣባላቱ ኣብታ መርከብ ገዲፉ ኣብ ጥምጥም ባሕሪ ሆንዱራስ ምስ ወረደ፡ ሓደ ካብኦም ኣብታ መርከብ ዝነበረ ተጉዓዚ፡ ንኦም ባሕረኛታት "እቶም ብሓይሊ ናብታ መርከብ ዝኣተዉ ሰባት ብጀካ ናይ ኩላትና ቆብዕ ኣብ ልዕሌና ዝኾነ ጉድኣት ኣየውረዱን" ኢሉ ነጊሮም።

• ንግስቲ ብሪጣንያ ዝነበረት ቪክቶሪያ ናብኣ ንዝመጽኡ ዝነበሩ ኣጋይሽ ሓደ ዝተፈልየ ኣቀባብላ ነበራ። ንኦም ጭሕሚ ዝነበሮምን ዘይብሎምን ትህቦም ዝነበረት መስተዩ በበይኑ ነበረ። ናይዚ ምኽንያት ድማ እቶም ጭሕሚ ዝነበሮም ዝበዝሑ እንግሊዛውያን ብስምዒ ገይሮም ኣርተፍሻል ጭሕሚ የልግቡ ብምንባሮም ወዐይ ነገር ክሰትዩ ከለዉ መኺኹ ናብቲ ሒዞሞ ዘለዉ ፈሳሲ ይኣቱ ብምንባሩ ይሽገሩ ነበሩ። ስለዚ እያ ከኣ ንግስቲ ቪክቶሪያ ምስኦም ዝሰማማዕ ካብ ካይላ ዝተሰርሐ መስተዩ ክትቅርበሎም ዝተገደደት።

• ሎሚ ብብዙሓት ቀልዑ ፍቱው ዝኾነ ካራሜላ፡ ዊልያም ጄምስ ሞሪሰን ብዝተባህለ ኣመሪካዊ ሓኪም ስኒ እዩ ኣብ 1897 ተማሂዙ።

## ጥቕስታት ህይወት

• "ኩሉ ነገር ዝተፈላለየ ብምዃኑ፡ ኩሉ ነገር ተቐያዩሩ ኣሎ ማለት ኣይኮነን" ኢረስ ፖርተር

• "ውርጽጽቲ ሰበይቲ ሃብቲ እያ፡ ውርጹጽ መልክዕ ድማ ሓይሊ፡" ጆርጅ መረዲት

• "ጎደኒ ጎደኒ'ቲ ምርኣይ ምምሃር፡ ካልእ ክንመሃሮ ዝኾኦና ጥቡብ ኣሎ፡ ንዘለ ዘይምርኣይ፡" ማርያ ሚቸል

• "ልዕሊ እምነትና ንፍርሒ እንተደኣ ኣዕቢናዮ፡ ካብ ሕልምና ምጭባጥ ንሕንቀጽ፡ " ሜሪ ሜዚን ሞረሰይ

• "ህይወት ብምትኽኻእ ናይ ህሞታት እያ እትህሰጽ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ህሞት ምንባር ድማ እዩ ዓወት ዝመጽእ" ኮሪታ ኬን

• "ዕውትቲ'ምባር ወርደይቲ ክኸውን ፍጹም ብዚገ ኣይፈልጥን" ኣፋቅ ኣሕመድ

• "ባህግታተይን ሕልምታተይን ክጽ'ዚ ዝረአ ነጹብራቕ ጸሓይ እዩ፡ ምናልባት ዘይክበጽሖ እኽእል እኸውን ግና ናብኡ ገጸይ እናንቃዕረርኩ ንጸባቕኡ ከድንቖን ኣብኡ ኣሚነ ንመንገዱ ክኽተለን የኽእለኒ፡" ሉሲያ መይ ኣልኮት

• "መፍትሕ ናይ ህይወት፡ እንታይኮትካ ምፍላጥ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንምንታይ ኣብዚ ዓለም ኣሎኻ ንምፍላጥ'ዩ" ዘይተፈልጠ

• "እቲ ዝዓበየ ብደሆ ኣብ መንጎ ጸቡቓን ሕማቓን ምምራጽ ዘይኮነ ኣብ መንጎ ጸቡቓን ኣዝዩ ጸቡቓን ምምራጽ እዩ" ሶቅራጥስ

## ንፍሽኽታ

ሓደ በቃቕ ሰበኣይ ካብ ዕዳጋ ሰለስተ ቱፋሕ ዓዲጉ ንገዛኡ መጸ። ብኸመይ ቀልጢፉ ገዚኡ ኣትዩ ደብልዐን እናሓሰበ ዝመጸ ሰበኣይ፡ ገዛኡ ምስ በጽሐ ብቕልጡፍ ማዕጾኡ ዓጽዩ ነተን ቱፋሕ በብሓደ ክቖርጸን ጀመረ። ቀዳመይቲ ቱፋሕ ምስ ቀረጸ ውሽጣ ኣይግድድን። ምሽምሻቲ ኮይና ስለ ዝጸንሓቶ ክበልዓ ኣይከኣለን። እናተሰከፈ ካልኣይቲ ምቑራጽ ጀመረ፡ እዚኣ'ውን ተበላሽያ ብምጽንሓ ሕማቕ እናተሰምዖ ጎሓፋ። ድሕሪ'ዚ ቁሩብ ድሕሪ ምሕሳብ፡ ነታ ሳልሰይቲ ቱፋሕ ክበልዓ ስለ ዝደለየ ልቺ ኣጥፊኡ ብቕልጡፍ ኣብ ኣፉ ኣእተዋ።



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## ሌላ ምስ ደጅንን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር

ኣብ ዝሓለፈ ሕታማት ካብቶም 11 ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር፣ 3 ክፍልታት፥ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር፣ ክፍሊ ቍጠባ ከምኡ'ውን፡ ክፍሊ ሓለዋ ጥዕና ርኢና ነይርና። ኣብዚ ብቐጻሊ ዝቐርብ ዘሎ ሕታማትና ድማ፡ ምስ ክፍሊ ሃገራዊ መርሓን ጨንፈራቱን ዘላሊ ኮይኑ፥ ኣብ ዝሓለፈ ብዛዕባ ጨናፍር ትምህርቲን ዜናን ህዝባዊ ግንባርን ኣመሰራርታኡን ምዕባለኡን ርኢና ነይርና። ኣብዚ ናይ ሎሚ ሕታም፡ ብዛዕባ ጨንፈር ፖለቲካዊ ምንቕቓሕ ክንርኢ ኢና።

መበል 11 ክፋል

ስእሊ፡ ጨ/ስእሊ ሚ/ዜና

• ጨንፈር ፖለቲካዊ ምንቕቓሕ

እዚ ጨንፈር'ዚ ድሕሪ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ ዝቘመ ኮይኑ፡ ዕማማቱ ምስቲ ኣቐዲሙ ኣብ ክፍሊ ፖለቲካዊ ምንቕቓሕን ትምህርትን ባህልን ዝነበረ ጨንፈር ምርምርን ትርጉምን ተመሳሳሊ ባህሪ ዝነበሮ እዩ። ኣብ ርእሲ'ቲ መጽሔት "ሓርበኛ" ናይ ምስንዳእ ዕማሙ፡ ዝተፈላለዩ ናይ መጽናዕቲ ውጽኢታት ዝኾኑ መጽሓፍቲ'ውን ኣሕቲሙ እዩ። ታሪኽ ኤርትራ ክሳብ 16 ዘመን፡ ታሪኽ ኤርትራ ካብ 16-19 ዘመን፡ ኢጣልያዊ መግዛእቲ ኣብ ኤርትራ፡ ምምሕዳር ብሪጣንያ ኣብ ኤርትራ፡ መድረኽ ፌደረሽንን ጉበጣን ኤርትራ ብኢትዮጵያን ዝብሉ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ከኣ፡ ገለ ካብቶም ጉሊሖም ዝጥቀሱ እዮም።

እቲ ኣብ 1976 ክሳብ 1987 ምርምርን ትርጉምን ዝበሃል ዝነበረ ጨንፈር ካብ ዝቘመሉ 1976 ጀሚሩ ክሳብ መወዳእታ 1980ታት ብዙሕ ማርክሳዊ ሰውራዊ መጻሕፍቲ ተርጒሙ እዩ። ንቲ ዝካየድ ዝነበረ መስርሕ ትርጉም ዝሕግዝ ፖለቲካዊ መዝገበ-ቃላት'ውን ኣዳልዩ። ቀዳማይን ካልኣይን መጽሓፍ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ድማ ኣሕቲሙ። ጐድኒ-ጐድኒ ናይ ትርጉም ስርሓት'ውን ኣባላት ናይዚ ጨንፈር'ዚ፡ 'ተጋዳላይ'፡ 'ፊተውራሪ' ኣብ ዝበሃላ መጽሔታት ዓንቀጻትን ትርጉማትን የበርክቱ። ካብ ናብ ትግርኛ-ዓረብኛ ጽሑፋት እውን፡ ይትርጉሙ ነይሮም። እዘን መጽሔታት'ዚኣን ኣብ ደሓር እዋን ኣሰማተን ቀዪረን እየን። ውሽጣዊት መጽሔት 'ተጋዳላይ' ድሕሪ ግንቦት 1975 'ማሕታ'፡ ድሕሪ 1987 ከኣ 'ሓርበኛ' ክትበሃል እንከላ፡ 'ፊተውራሪ' ድማ 'መሪሕ' ጸኒሓ ከኣ 'ሳግም' ተባህለት። እታ ብዜና እትዳሎ ዝነበረት 'ፍጻመታት' እውን፡ ብቐጻሊ እትሕተም ዝነበረት መጽሔት እያ።

ብጨንፈር ፖለቲካዊ ምንቕቓሕ ዝዳለዋ ዝነበራ ክልተ መጽሔታት ማሕታን ሓርበኛን ከም ኣብነት እንተ ወሰድና፡ ብፍላይ እቲ ኣብ ማሕታ ዝወጽእ ዝነበረ ንሃገራውን ኣህጉራውን መዳያት ዝምልከት ቅድሚ ምንባቦ፡ እቲ ኣብ ገበር ናይታ መጽሔት ዘሎ ቀዋሚ ቴማታት ንርእሱ ዓቢ ሰውራዊ መልእኽቲ ነበሮ። ንኣብነት፡ እቲ ኣብ ክልተ ገጻት መጽሔት 'ማሕታ' ዝነበረ ቀዋሚ ቴማታት ምስ እንርኢ፡ "ብዘይ ሰውራዊ ክልሰ-ሓሳብ ሰውራዊ ምንቅስቓስ የልቦን" ዝብል ኣብቲ ቀዳማይ ገጽ ናይታ መጽሔት ኣሎ። ኣብቲ ካልኣይ ገጽ ናይታ መጽሔት ድማ፡ "ክልሰ ሓሳብ ኣብ ሓፋሽ ምስ ዝሰርጽ ናብ ነገራዊ ሓይሊ ይቕየር! ዝብል ነይሩ።

ብተወሳኺ ኣብኡ ሓንቲ ስእሊ ኣላ። እታ ስእሊ ባንዴራ ህዝባዊ ግንባር፡ እጅግኡ ዝሰብሰበ ተጋዳላይ ምስ ዕጥቁ፡ ብጸጋማይ ኢዱ ክላሽን ብየማናይ ኢዱ ድማ መጽሓፍ ዝሓዘ፡ ንቲ መጽሓፍ ድማ ናይ ትሽዓተ ብሄራት ኣእዳው "ሃባ ሃባ" እናበላን ካልእን ስእሊ ይረአ። ኣብ ታሕተዋይ ወገን ድማ ሓደ ፍሩይ ጽሑፍ ማለት እቲ ፍሉጥ ቴማ "ሓፋሽ ይንቃሕ ይወደብ ይተዓጠቕ!" ዝብል እዩ።




1ይ ገጽ




2ይ ገጽ






ስትራተጂካዊ ምዝላቕ ዝብል ዓንቀጽ

ድሕሪ ምዝላቕ ኣብ ተጋደልትን ህዝብን ቅኑዕ ኣገባብ ቃልሲ ንምብራህን ብዛዕባ ኣገዳስነት ስትራተጂካዊ ምዝላቕ ኣፍልጦ ንምስፋሕን፡ ብዙሕ ናይ ሰሚናር ኣርእስትታት ይዳሎ ነይሩ። በዚ ከኣ ብዛዕባ ምዝላቕ፡ ህሉው ኲነታት ደርግ፡ ዝተናውሐ ኲናት፡ መድረኽ ጃልነት፡ መርዓ ወዘተ. ዝብሉ ኣርእስትታት ሰሚናራት እናተገብረሎም፡ ኣብ መንጎ ተጋደልቲ ሰፊሕ ዘተ ተኻዩዱሎም። እታ ብፖለቲካዊ ቤት-ጽሕፈት እትዳሎ ዝነበረት ወግዓዊት ልሳን ህዝባዊ ግንባር "ማሕታ" ድሕሪ መስከረም 1978 በዚ ጨንፈር'ዚ ክትዳሎ ጀመረት። ኣብዚ መድረኽ'ዚ፡ ገለ ናይ ፖለቲካዊ ትምህርቲ መጽሓፍቲ'ውን፡ ናብ ቋንቋታት ትግረ፡ ዓረብን ኩናማን ክትርጎም ክኢሉ ነበረ።

እቐዲሙ ብዛዕባ ሕብረተሰብ ወይ ብሄራት ኤርትራ ዝቐርብ ዝነበረ ጽሑፋት፡ ወጻእተኛታት ኣብ ዝገብሩዎ መጽናዕትታት ይምርኮስ ስለ ዝነበረ፡ ዓቢይቲ ሕጽረታት ስለ ዝነበሮ፡ ምርምራዊ ተበግሶ ክውሰድ ነበሮ። ብ1980 ኣብ ሓራ ቦታታት ንመውሰቦ፡ ስነ-ጥበብ፡ ውርሻ፡ ሞት፡ በዓላት፡ ማሪት፡ ቋንቋ ስፖርት፡ ሃይማኖት ወዘተ ዝድህስስ ኣፈናዊ መጽናዕቲ ተኻዪደ። ኣብ 1983 እውን፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሓራ ቦታታት ዘሕድሮ ዝነበረ ጽልዋ ንምፍላጥ ኣብ ትምህርቲ፡ ቍጠባ፡ ባህሊ ዘድሃበ ካልእ መጽናዕቲ ተኻዪደ። ኲለን ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር ንሞያኣን ዝምልከት ጽሑፋት ካብ እንግሊዝኛ ኣብ ዝትርጐመሉ ዝነበረ እዋን፡ ዘጸግመን ትርጉማት ይሓታ ነበራ'ሞ፡ ነዚ ሓበራዊ ፍታሕ ንምምጻእ፡ Oxford English Dictionary ናብ ትግርኛን ዓረብኛን ተተርጐመ። ምድላው ናይዚ መዝገበ-ቃላት'ዚ፡ ኣብ ዝሰዓቡ ዝተፈላለዩ ናይ ጽሑፍ ስርሓት ኣገዳሲ ተራ ተጻዊቱ እዩ።

ኣብ ሮማ - ኢጣልያ ዝመደበሩ ማእከል ምርምርን ሓበሬታን ኤርትራ (RICE – Research Information Center of Eritrea) እውን፡ ብዛዕባ ኤርትራን ሰውራ ኤርትራን ተወሳኺ ሓበሬታ ዝህብ ዝነበረ ትካል ሓበሬታን ምርምርን እዩ። እዚ ኣካል ጨንፈር ምርምርን ትርጉምን ዝኾነ ትካል፡ ብእንግሊዝኛ ዝወጽእ ወርሓዊ መጽሔት ዝነበሮ ኮይኑ፡ ብዙሓት ኣዕሩኽ ኤርትራ ዝሳተፉዎ ሰሚናራት እውን የካይድ ነበረ። ኣብ 1983 ኣብ ሜዳ ናይ ምርምር ሰሚናር ክወድብ እንከሎ፡ ኣብ 1988 ከኣ፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ኣህጉራዊ ዋዕላ ወዲቡ ከም ዘካየደ ይፍለጥ።

ጨንፈር ምርምርን ትርጉምን ሃገራውያን ቋንቋታት ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ፍልጠት ብብዝሒ ንኽጸሓፈሎም ብዝገበሮ ጻዕሪ፡ ንዕብየቶም ዓቢ ኣበርክቶ ገይሩ እዩ። ኣብ 1987 ከኣ፡ ንሰነዳት ዜና፡ ፖለቲካዊ ምንቕቓሕን ካልእን ኣኪቡ፡ ማእከል ምርምርን ሓበሬታን ኤርትራ ተባሂሉ፡ ካብ ኣራግ ናብ ህምቦል ግዒዙ ድማ፡ ንጥፈታቱ ቀጸለ።

### ካብ ሰነዳት ስእልታት ሰውራ

እዛ ንርእያ ዘለና ስእሊ፡ ተጋዳላይ ኑቲ ኣብ ውግእ ዝተወግአ ብጻዩ ኣብ ዝጥኡ ተሰኪሙ፡ ናብ ውሕስነት ዘለዎ ቦታ እናኣውጽኦ እተርኢ ኮይና፡ ተጋዳላይ፡ ኣብ እዋን ውግእ ኲነታት ዝጸንከረ እንተጸንከረ፡ ውጉእ ወይ ስውእ ብጻዩ ንጸላኢ ገዲፉ ዘይወጽኣሉ ልምዲ ወይ ሰውራዊ ባህሊ ነበሮ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ'ዩ ተጋዳላይ ምእንቲ ብጻዩ ህይወቱ ዘወፊ ዝነበረ።

እዛ ስእሊ እዚኣ ድማ፡ ሓንቲ ካብ ህያው ምስክር ባህሊ ተወፋይነት ሓርበኛታትና እያ።



ተጋዳላይ ኣብ ምድሓን ብጻዩ

### መልሲ.ታት፤ ካብ ታሪኽ ሰውራና

መልሲ.ታት፡ ካብ ታሪኽ ሰውራና

1. ሀ/1970 ሰዶሕዒላ
2. ሐ/ በዓት ቢጫይ (መስከረም 1976 በዓት ቢጫይ (ዜሮ)
3. ሐ/ 1971 ኣር
4. ሳትርብ፡ ቀብርወኣት፡ ኣራግ፡ ግልዕ፡ ሓወልዕ፡ ዓየት፡ ግሁተብ፡ ጭልሕንተ
5. ጹብራን ደቀምሓረን
6. ሐ/ ቀይሕ ኮኾብ ወይ ብትግረ ኮኩብ ቀይሕ
7. ካብ መዓስከር ዕቑባት ደብዓት፡ ካብ ከተማታት ምስ ስድራኦም ዝመጹ ደቂ ተጋደልቲ፡ ካብ መዓስከር ስደኛታት ወደልሐለው ሱዳን ዝመጹ ከምኡ'ውን፡ ኪጋደሉ ዝመጹ ትሕተ-ዕድመ፡
8. ትግርኛን ትግረን
9. ሐ/ ክሳብ 3ይ ክፍሊ
10. ኣብ 1983

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**

**ERT Coordinator Advisor**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Definite (2 Years)**

**Major Duties and responsibilities**

- Establish and implement Mine Emergency Response Management inclusive of Emergency Preparedness to facilitate the safe, productive and sustained operations at Asmara Mining Share Company operations.
- Develop training plans for team members and coordinate the development of their skills. Draw a succession plan for identified national ERT Coordinator, mentor, coach, competently train and handover ERT team and activities.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA**

- Draw a succession plan for identified national ERT Coordinator, mentor, coach, competently train and handover ERT team and activities
- Advice identified Coordinator to manage daily activities of the Emergency Response Training to ensure effective training of team members.
- Develop the competencies of the emergency response team through competency-based training and assessment.
- Drive standards incorporating international best practice in Emergency Response.

**Safety**

- Provide leadership coaching to the team in Emergency Response
- Develop ERT in Emergency Management Plan scenarios
- Mentor senior and intermediate management team on Emergency management.
- Provide guidance for the ERT team to work with other departments.
- Mentor & Coaching ERT team members.

**Training**

- Develop and provide training for the Emergency Response Team
- Ensure training and mentoring plan is implemented to standard.
- Promote training of the National workforce to encourage ERT membership.
- Training of staff in all areas of Safety & Health.

**Management**

- Coach national Coordinator to manage HR issues for the ERT team and co-ordinate with HR as required.
- Advise national Coordinator to manage compliance with the procedures of ERT team.
- Manage the work capability and availability of the ERT team.

**Reporting**

- Mentor national Coordinator to prepare monthly and quarterly reports with respect to ERT preparedness and activities.

**Develop Standards**

- Coach national Coordinator to ensure compliance with local and international legislation and develop relationships with local authorities and other stakeholders.
- Coach national Coordinator to develop new policies and procedures in line with international standards.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Formal qualifications in occupational health and safety or similar<br>• Specialist training in Emergency Response related subjects |
| Working Experience – Nature & Length | • 10 years' experience in large open-pit and underground mining with 8 years in Emergency Response.<br>• Experienced in Mines Rescue Teams and Emergency Preparedness.<br>• Working knowledge in operation and risked associated with heavy mining equipment |
| Technical Skills | • Leadership and coaching skills in multi-disciplinary environment.<br>• Analytical skills<br>• Attention to detail<br>• Plan, organize and execution skills<br>• Valid Driver's License<br>• Computer Literacy (MS Office – Intermediate, Excel)<br>• Emergency Response and Management skills |
| Behavioral Skills | • Communication (read, write and speak English)<br>• Strong Supervisory skills. Get things done attitude.<br>• Good Interpersonal and mentoring skills<br>• Commitment to deliver on agreed targets<br>• Demonstrated team building and mentoring skills<br>• Well organized<br>• Commitment to nationalization of the workforce |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Definite Period( 2 years)
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ተራ ጥዑይ ኣእምሮ፡ ኣብ ምውናን ብሉጽ ህይወት

ሉል ተስፋይ
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

ወዲ-ሰብ ብቑዕን ዝተማልአን ጥዕና ንምውናን፡ ኣካላዊ ንጥፈታት ከም ስፖርታዊ ምንቅስቓሳትን ስራሕን፡ ኣእምሮኣዊ ንጥፈታት ከም ምንባብ፡ ምዝዋር፡ ምስትንታን ዝኣመሰሉን ካልእን ብምዝውታር፡ ኩሉ መዳያዊ ድሕነትን ጥዕናን ህይወቱ ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት ኣለዎ። ክላሲካዊ ምስላ ኤውሮጳውያን፡ ንኣገዳስነት ጥዑይ ኣእምሮን ኣካልን ክገልጽ ከሎ፡ "ዝተረጋግአን ጥዑይን ኣካላት፡ ብዘይተረጋግአ ኣእምሮ ምፍጣር ኣይክኣልን" ክብል የመልክት። እዚ፡ መርኣያ ጥዕና ኣእምሮ፡ ኣብ ኩሉ መዳያዊ ጥዕና ኣካላትን ህይወትን ዘለዎ ኣገዳስነት እዩ።

ዳን በውትነር፡ ዝተባህለ ኣብ ቻነል ናሽናል ጂኦግራፊ ከም ጋዜጠኛ ኮይኑ ዝጸሓፈ እንግሊዛዊ ክኢላ፡ ናብ ሓሙሽተ ሃገራት ዓለም ብምንቅስቓስ፡ ምስጢር ነዊሕ ዕምሪ ሰባት ንምፍላጥ መጽናዕታት ብምክያድ "እተን ሰማያዊ ዞባታት" ዝተባህለት መጽሓፍ ኣሕቲሙ ነይሩ። ኣብ መጽናዕቱ፡ ዳን በውትነር፡ ናብ ጃፓን (ኦኪናዋ)፡ ኣመሪካ (ሎማ ሊንዳ፡ ካሊፎርንያ)፡ ኢጣልያ (ሳርዲንያ)፡ ግሪኽ (ኢካርያ)፡ ኮስታሪካ (ኒኮያ) ተንቀሳቒሱ፡ ኣብዘን ሃገራት ኣብ ዝርከብ ከተማታት፡ ሰባት ስለምንታይ ነዊሕ ዕምሪ ይነብሩ ዳህሳስ ኣካይዱ ነይሩ።

ኣብቲ ዘካየዶ መጽናዕቲ፡ ኣብዘን ከተማታት ዝርከቡ ሰባት፡ ነዊሕ ዕድመ ዝነብርሉ ረቛሒታት፡ ጥዑይ ኣመጋግባ ምውናን (ስብሒን ቅብኣትን ዝበዝሖ ኮለስትሮል ዘጋድድ ዕሹግ መግብታት ምውጋድ)፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምክያድ፡ ድልዱል ማሕበራዊ ምትእስሳር ምውናን፡ ንጥፈታት ምግራብ ምክያድ፡ ጸቕጢ ኣእምሮ ምጉዳል፡ ኣልኮላዊ መስተን ሽጋራን ምውጋድ፡ ስራሕ ኣይቓቕሳ ምውናን፡ መጠቀላውያን ባህሊ፡ ክብርታት፡ ሃይማኖት፡ ሕብረተሰብ ምዕቃብን ምክንኻንን፡ መሰረታውያን ረቛሒታት ምዃኖም ይጠቅስ። ካብቶም ኣብ መጽናዕቲ ዳን በውትነር ብዚዩ ዝተተኮረሎም፡ ኣገባብ ምውናን ብሉጽ ህይወት ግን፡ ጸቕጥን ቀዛሪትን ዘለዎ ቅዲ ህይወት ምውጋድ ምዃኑ ይገልጽ።

ኣእምሮ፡ ዓንዲ ሕቖን ሞተርን ህይወት ወዲ-ሰብ ተባሂሉ ዝጥቀስ ክፋል ኣካላት እዩ። ኣእምሮ፡ ንጥፈታት ኣካላት ኣብ ምምእዛንን ምቁጽጻርን ዓቢ ተራ ይጻወት። ጥዕና ኣእምሮ፡ ቀጻሊ ምሕላውን ምክንኻንን ኣጉዳሲ ምዃኑ ይጥቀስ። ኣእምሮ፡ ብኣሉታዊ ሓሳባት ኣብ ዝመልኣሉ እዋን፡ ኣሉታዊ ስምዒት ብምምንጫው፡ ሰባት ኣሉታዊ ህይወት ክህልዎምን ኣብ ማሕበራዊ ህይወቶምን ዝምድናታቶምን ክሽገሩን ይገብር።

ካብ ኣእምሮ ናብ ኣካላት መልእኽታት ብምትሕልላፍ፡ ዓቢ ተራ ዝጻወት፡ ኒውትራንስሚተራት ዝስመዩ መትንታት ኣእምሮ፡ ኣእምሮ ብኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ዝመልኣሉ ህሞት፡ ናብ ካልእ ክፋል ኣካላት ዝመሓላልፍዎ መልእኽታት፡ ኣሉታዊ ስለዝኾነ፡ ሰባት ኣሉታዊ ባህርን ስምዒታትን ከንጸባርቑ ይደርኹ።

እወታዊ ኣተሓሳስባ፡ ኣብ ኣእምሮ ኣብ ዝምንጭወሉ እዋን፡ ምንጪ እወታዊ ባህርን ስምዒታትን ብምዃኑ ሰባት ርጉእ ኣእምሮ ክውንኑ፡ ዕግበትን ደስታን ዘለዎ ህይወት ክምርሑን የኽእል። እዚ ድማ፡ ኣብ ማእከል ሕብረተሰብ፡ ኣብ ዝነብርሉ እዋናት ዝያዳ ኣፍረይትን ብቑዓትን ክኾኑ ይገብር።

ብርክት ዝበለ ክኢላታት ስነ-ኣእምሮ፡ ኣብ ምምዕባል እወታዊ ኣተሓሳስባ፡ ቁልዑን ህጻናትን ዝዓበየ መወከሲ ክኾኑ ይኽእሉ ከም ዝኽእሉ ይገልጹ። ናይዚ መሰረታዊ ምኽንያት ድማ፡ ህጻናት ጸዓዳን ዘይተበከለን ኣእምሮ ስለዘውንኑ፡ ዘውንንዎ ኣተሓሳስባ ዝበዝሐ እዋን እወታዊ ብምዃኑ እዩ። ብዘይካዚ፡ ህጻናት ሓደሽ ነገር ናይ ምፍታንን ብቕንዕና ናይ ምሕታትን ምምሃርን ሽውሃት ስለዘውንኑ፡ ርጉእ ኣእምሮን ኣካልን ኣብ ምውናን ዕውታት ክኾኑ ተኽእሎ ኣለ።

ኣእምሮ፡ ንጥፈታቱ ብጥዕና ኣብ ዘካይደሉ እዋን፡ ንሰባት ዝያዳ ወድዓውያንን መንታውያንን ክኾኑ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ። ኣብ ዝተፈላለዩ ህሞት፡ ኣብ ኣእምሮ ዝምንጭው ሓሳባት፡ ብዙሮጾ እንተ ዘይተማእዘነ፡ ናብ ባዕላዊ ትንታነ ብምምራሕ፡ ንሰባት ናብ ፈንጠዝያዊ ህይወት ብምምራሕ፡ ናብ ዕዋጅ (delusion) ዝበሃል ኣእምሮኣዊ ጸገም ክመርሑ ይኽእሉ።

ኣብ ቀረባ ዓመታት፡ ኣብ ሃገረ ጃፓን ኣብ ዝተገብረ መጽናዕቲ፡ ኣስታት 1 ሚልዮን ዝጽሓ፡ ደቂ ተባዕትዮ ብዘጋጠሞም ምስ ዕዋጅ፡ ቀዛሪት፡ ጸምዋ፡ ዝተሓላለኸ ኣእምሮኣዊ ጸገማት፡ ንበሰ ተጸሊሎ ብምክያድ፡ ካብ ሰባት ርሒቖም፡ ኣብ ኣባይቶም ንበሶም ብምዕጻዎም፡ ብቛንቋ ጃፓን "ሂኪኮሞሪ" ብዝበሃል ኣእምሮኣውን ማሕበራውን ጸገም ከም ዝተጠቕዑ ኣብታ ሃገር ዝተኻየዱ መጽናዕታት ይሕብሩ።

ኣብ ብኢንዱስትሪ ዝማዕበሉ ሃገራት ዓለም ዝርአ ዘሎ ልዕሊ ንቡር ተጠቃምነት ቴክኖሎጂያዊ ፍርያት፡ ኢንተርነትን፡ ብርክት ዝበሉ ቁልዑን መንእሰያትን እተን ሃገራት፡ ብቀዛሪት፡ ጸቕጢ፡ ስእነት ድቃስ፡ ዕዋጅ፡ ዝንባለታት ንበሰ ቅትለት፡ 'ኦብሰሲቭ ኮምፐልሲቭ ዲስኦርደር፡ ግልፍተኛ (ክቱር ምጥርጣር)፡ ክረሻ፡ ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ሽኮር ብዘኣመሰሉ ጥዕናውን ኣእምሮኣውን ጸገማት ኣብ ምስቃይ ከምዝርከቡ መጽናዕታት የረጋግጹ።

ብርክት ዝበሉ ሰዓታት ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ብምሕላፍን፡ ልዕሊ ንቡር ቅዲ ህይወት ህቡባት ሰባት ካብ ምዕዛብን ዝተላዕሉ፡ ምስ ዕዋጅ ዝተሓላለኸ ጸገማት ኣእምሮ ዘማዕበሉ መንእሰያትን ቁልዑን፡ ኣብ ብኢንዱስትሪ ዝማዕበላ ሃገራት ብብዝሒ ደርብዩ።




ጋዜጠኛ ዳን ቡውትነር

ገለ መርኣያ ናይዚ ድማ፡ "ኤሮቶማንያ" ዝበሃል እዩ። እዚ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸገም፡ እቲ ግዳይ ዝኾነ ሰብ፡ ምስኡ ብኣካል ዘየለን፡ ዘይፈልጦን ህቡብ ሰብ፡ ምስኡ ኣብ ፍቕሪ ከም ዝወደቐ ክርዳእ ከሎ ዝጋጥም እዩ። ብዙሓት ቅዲ ህይወት ናይ ህቡባት ስፖርተኛታት፡ ተዋሳእቲ፡ ደረፍቲ ብመንገዲ ማሕበራዊ መራኸቢታትን ኢንተርነትን ከኪታተሉ ዝውዕሉ ዜጋታት ምዕራብ ዝኾኑ መንእሰያትን ቁልዑን፡ ካብ ግብራዊ ዓለም ብምርሓቕ፡ ኣብ ዘይጭብጥ ህውተታ ብምእታው፡ ግዳያት ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ጸገማት ክኾኑ ክኢሎም እዮም።

ዶክተር ጆሴፍ ማርፊ ዝተባህለ ኣመሪካዊ ክኢላ፡ "ሓይሊ ትሕተ ወና ኣእምሮኻ"፡ ኣብ ዝተሰምየ መጽሓፉ፡ ብዛዕባ ኣገዳስነት ኣእምሮ ክዛረብ ከሎ፡ "እቲ ዝበለጸ ብተፈጥሮ ንደቂ ሰብ ዝተዋህበ ጸጋ፡ ኣእምሮ እዩ" ክብል ይዛረብ። ኣሰዒቡ ድማ፡ ዓወትን ውድቀትን ናይ ሰባት ኣብ ዕለታዊ ህይወቶም፡ ብዘውንንዎ ኣተሓሳስባን ኣጠቓቕማን ኣእምሮኦም ከምዝውሰን ይገልጽ።

ዶክተር ጆሴፍ ማርፊ፡ ትሕተ ወና ክፋል ኣእምሮ ብዙሮጾ እንተተማእዚኑ፡ ዝኸርታት፡ ድሌታት፡ ተመኩሮታት፡ ሃንቀውታ፡ ትጽቢታት፡ ቅጅሎታዊ ዓቕሚ፡ ናይ ወዲ-ሰብ ዝምዝዝብ ክፋል ኣእምሮ ብምዃኑ፡ ኣብ ዓወትን ውድቀትን ሰባት ወሳኒ ተራ ከም ዝጻወት የመልክት። ብዘይካዚ፡ ብርክት ዝበሉ ንጥፈታት ኣካላት ከም ስርዓት ዑደት ደም፡ ስርዓት ምሕቃቕ መግቢ፡ ምፍራይ ወጽዓታት ጸገርን ጸፍርን፡ ምቁጽጻር ህርመት ልቢ፡ ዝኣመሰሉን ካልእን ከም ዘመሓድሮውን ይገልጽ።

ምፍጣር ብቑዕ ማሕበራዊ ዝምድናታትን ምትእስሳርን፡ ኣብ ጥዕና ኣእምሮን ኣካልን ወሳኒ ምዃኑ ብብርክት ዝበሉ ክኢላታት ይጠቐስ። ሓደ ካብዚኦም ማርክ ማንሰን እዩ። ማርክ ማንሰን ኣብ ዘርፊ ማሕበራዊ ምትእስሳርን ዝምድናታትን ኣመልኪቱ ኣብ ዘካየዶ መጽናዕቲ፡ ኣስታት ፍርቂ ኣብ መጽናዕቱ ዝተሳተፉ ኣመሪካውያን መንእሰያት፡ ብጽምዋን ንሱ ዘስዕቦ ኣእምሮኣዊ ጸገማትን ከምዝሳቐዩ ይገልጽ።

ኣሰዒቡ ማርክ ማንሰን፡ "ወዲ-ሰብ ኣብ 21 ክፍለ ዘመን ኣብ ጥርዚ ምዕባለን ብልጽግናን ኣብ ዝጸሓሉ እዋናት፡ ውሕቓውነትን ነገራውነትን ብምብዛሑ፡ ግዳይ ብርክት ዝበለ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ሕማማት ኮይኑ ደርኩቡ" ብምባል ነዚ ክስተት እዚ "ስግንጢርነት ኩነት" (progress paradox)፡ ዝበሃል ሰያመ ሂብዎ ደርኩቡ።

ኣእምሮኣዊ ጸገማት ንምፍዋስ ተባሂሉ ካብ ዝተኣታተወ ካልእ ሜላታት፡ ምክያድ መጥባሕቲ ሓንጎል ምዃኑ ይጥቀስ። ኣንቶንዮ ኢጋስ ሞኒዝ ዝተባህለ ፖርቱጋላዊ ክኢላ ስነ-መትኒ (ኒውሮሎጂስት)፡ ኣብ 1935 ዝመሃዞ "ሎቦቶሚ" ዝበሃል ሜላ መጥባሕቲ ናይ ቅድሚት ክፋል 'ሎብ' ዝተባህለ ክፋል ኣእምሮ ነይሩ። እዚ ብሽም ቀዛሪት፡ ክቱር ጸቕጢ፡ ዝንባሌታት ንበሰ ቅትለት ብዘኣመሰሉ ኣእምሮኣዊ ጸገማት፡ ኣብ ዝሳቐዩ ዝነበሩ ሰባት ንዝካየድ ዝነበረ መጥባሕትታት የጠቓልል።

እዚ መጥባሕቲ ኣብ መጀመርያ ዓመታት ዕወት ብምምሳሉ፡ ንኣንቶንዮ ኢጋስ ሞኒዝ፡ ተዓዋቲ ሽልማት ኖቤል 1949 ክኸውን ኣኽኢልዎ ነይሩ። ድሒሩ ኣብ ዝሰዓበ ዓመታት ግን፡ ኣብቶም መጥባሕቲ ዝተኻየደሎም ሰባት ከቢድ ማዘዘት ብምስዓብ፡ እቲ ንስምዒታት ዘማእዝንን ዝቆጻጸርን ናይ ቅድሚት "ሎብ" ዝተባህለ ክፋል ኣእምሮኦም ብመጥባሕቲ ብምእላዩ፡ ኣብ ተገንዘቦኣውን ስምዒታውን ዓቕሚ ናይቶም ሰባት ጉድኣት ብምውራድ ግዳያት ዝተፈላለዩ ጸገማት ከም ዝኾኑ ገይሩ።

ሕብረት ሶቭየት፡ ቀዳመይቲ ኑቲ ሜላ መጥባሕቲ ዝተቓወመት ሃገር ነይራ። ጸኒሑ ድማ፡ ካብ 1960ታት ኣትሒዙ ብርክት ዝበላ ሃገራት ዓለም ኑቲ ሜላ መጥባሕቲ ከም ዝኸልከላ ገይረን። ኣብ ኣመሪካ፡ ካብ 1941 ክሳብ 1950 ኣብ ዝነበረ ዓመታት፡ ኣስታት 20 ሽሕ ሰባት መጥባሕቲ "ሎወቦቶሚ" ከምዝተኻየደሎም መጽናዕታት የረጋግጹ። ካብቶም መጥባሕቲ ዝተኻየደሎም ሰባት፡ ኣስታት 60 ሚእታዊት ደቂ-ኣንስትዮ ምንባረን ድማ ይፍለጥ።

ኣብ ዝሰዓበ ዓመታት፡ ኣብ ዓውዲ ስነ-ኣእምሮ ዝተካየዱ ዝበዙሑ ስነ-ፍልጠታዊ ምርምራትን መጽናዕታትን ብምዕባዮም፡ ኣብ ኣገባብ ሜላ ፍወሳ ኣእምሮኣዊ ጸገማት ዝውዕሉ፡ ከም ፍወሳ ተገንዘቦኣዊ ባህሪ (cognitive Behavioral therapy)፡ ሰባት ዝያዳ ንበሶምን ኩነታቶምን ክቕበሉ ዘኽእል ሜላ ፍወሳ (Acceptance and commitment therapy)፡ ብርክት ዝበሉ ጾረ-ቀዛሪት መድሃኒታትን ካልእ ሜላታትን ብምዕባዩ፡ ጥዕና ኣእምሮ ሕብረተሰብ ዓለም፡ ኣብ ምምሕያሽ ኣብ ዝተገብረ ጻዕርታትን ሰራሕን ወሳኒ ግደ ተጻዊቱ።

ኣብ ዘርፊ ምክንኻን ጥዕና ኣእምሮ ዘሎ ንቕሓት ንምዕባይ፡ ተራ ጥዑይ ኣእምሮ ኣብ ህላወ ብሉጽ ህይወት ምርዳእ መሰረታዊ ነገር እዩ። ጥዑይ ኣእምሮ፡ ጥዑይ ኣካላትን ህይወትን፡ ኣብ ምውናን ብዘለዎ ሰማይ ጠቀስ ተራ፡ ሕብረተሰብ ዝያዳ ኣፍራዪ፡ ትጉህ፡ ትኩር፡ ብቑዕ፡ ጸዓተኛ፡ ንክኸውን፡ ኣብ ዘርፊ ንጥፈታትን ኣገዳስነትን ጥዕና ኣእምሮ ዘለዎ ንቕሓት ንምብራኽ፡ ቀጻሊ ክጽዕተሉን ክጽዕረሉን ይግባእ።




**መወከሲ፡**
- Dr. Josepf Murphy፡ Power of your subconscious Mind
- Hector Garcia & Francesc Mirales፡ Ikhigai
- Psychology facts

